ስፖርት

ተስፋኢየሱስ ገብረያሬድ (ኩባ)

ኣል ክላሲኮ ፕረዝ ብዘይ ሩሰል

ርያል ማድሪድን ባርሰሎናን ዘለይድኦ ጸወታ፡ ብዘዘሕ መሳጭ ጸወታ ርእሰ ከሉ ግጥምት ደጋጊ እናተባህለ ይግለጽ፡፡ ስለ ዝኾነ ከኣ ኣፍቀሪ ኩሎ ኣግሪ ዓለም፡ ንሕሲ ወከፍ ርእስ ብዘዘ ክልተ ሰጽኖውያን ጋንታታት ብኣንጽሮ ደቂሕተሉ፡፡ ኣል ክላሲኮ ክሳብ ክሳል ከሎ፡ ኣብ መንግስቲ ዓርሞሽሽ ክሳባት ዘሎ ኩሉመዳያዊ ተወዳዳርነት፡ ሰማይ ዓሪት ዝቐርጋሉ ኢንጣዋሚ'ዩ፡፡ ብስፖርታዊ ቁጠባዊ ዜናዊ ዓሌታዊን ፖለቲቃዊን መዳያት፡ ሓንቲ ኣብ ልዕሊ'ታ ካልእ ጸብልክትታን ዕብለለን ንምርግጋጽ፡ ወትሩ ኣበርቲዓ ስለ እትሰርሕ እዩ፡፡ ኣብ ዝሓለፉ ሽዳሽት ዓመታት ባርሰሎና ብስፖርታዊ ሽክ ኪኖ ሰጽኖ ብደረጃ ዓለም ዝኸደ ፍጹም ዓብላልነት ሰዲዳ'ዩ፡፡ ሽዳሽት ግዜ ክሳብ ፍርቂ ፍጻመ ሻምፕየንስ ሊግ በጺሑ፡ ካብዚ ክልተ ግዜ ዋንጫ ጨቢጥዩ፡፡ እታ ዝበዝሐ ግዜ ዋንጫ ሻምፕየንስ ሊግ ዘልዓሎት ርያል ማድሪድ ግና ብመንጽሩ ኣብዚ ዝተጠቐሰ ግዜያት ሓንኣበ'ውን ትኹን ንፍጻመ ኣይቀረበትን፡፡ ኣብ ላሊጋ'ውን ኣብ ዝሓለፈ ሽዳሽት ዓመታት ባርሰሎና ሓሙሽት ግዜ ዋንጫ ክትዓትር ከኣ ርያል ማድሪድ ግና ሓንቲ ግዜ ጥራይ እያ ሻምፕየንስ ኮይና፡፡ እዚ ወኑሑድ ካብቲ ብዙሕ መጾጊ እዩ፡፡ በዚ መሳረት ባርሰሎና፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ቁጠባዊን ዜናዊን ዓሌታዊን ጸብልክትታት ብሓጊዝ ዝተሰደ ዓለምለኻዊ ኮይኑ ኣሎ፡፡ ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ኣትሒዙ ግኑ እዚ ዝተጠቐሰ ገጊጋ ባርሰሎና እናተሓራረፈ ክመጽእ'ዩ ተረእዩ፡፡ ቀንዲ ምኽንያት፡ ፕረዚደንት ርያል ማድሪድ ፍሎረንቲኖ ፕረዝ ኣብ ልዕሊ ናይ ባርሰሎና መዛኑኡ (ነር) ሳንደሮ ሮሰል ካብ ሜዳ ወጺኡ፡ ኣብ ዘይዳዓ ዝሰዓሩ ዘናዊን ፖሊቲቃዊን ቁርቁስ ጸብልክትታት ብምርግጋጹ እዩ፡፡ እዚ ተወዳዳርነት'ዚ፡ ብፍላይ ኣብዚ ዓመተ ስፖርት ጥርጊ ቦጺሑ ተራእዩ፡፡ ፕረዚደንት ፍሎረንቲኖ ፕረዝ ኣብ ዝሓለፈ ክረምቲ፡ ንተጻዋታይ ነይማር ካብ ሳንቶስ ንምስጋርኹ ኣፈናዊ ሰምምዕ ፈጺሙ፡ "ወኒዮ ኣለኹ" ኢሉ ቀሲኑ ነበረ፡፡ ብፈንደቅ ፕረዚደንት ባርሰሎና ሳንደሮ ሮሰል ንወክል ነይማርን ክሳቡ ሳንቶስን ኣእሚኑ፡ ነቲ ተጻዋታይ ብመንፈ ናብ ባርሳ ኣማዒቱ፡ ብዘወረዶ ሰሪት ዘይደቀሰ ፕረዚደንት ፕረዝ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ ሓደ ምስጠር ኣብ ከተማ ማድሪድ ንእትሕተም ጋዜጣ መንዶ ሰፖርት ኣልሒኹ ሃቡ፡፡ እቲ ሓበሬታ ንነይማር ዝወጸ መሳጊጊ ገዝቡ ከምኡ'ውን ከምቲ ብባርሰሎና ብመዲ ዝግለጽ 57 ሚልዮን ኣሮ ጥራይ ዘይምኾነን ባርሰሎና ግብሪ መምስኪቲ ዝይምኽፈል ኢላ ከምዘሬጸመቶ ዘቃልዕን ኔሩ፡፡ እቲ ጉዳይ ብቤት ፍርዲ መርመራታት ክቐየደሉ ምስ ጀመሩ ሳንደሮ ሮሰል መዝገቢ ስልጣን ፕረዚደንትነት ባርሰሎና ብወለንታኡ ከኣንኮ ተገይዱ - መረር ሰሪት! ሓቂኑ እቲ ጉዳይ ማለት ዋጋ ነይማር 95 ሚልዮን ኣሮ ምኾኑ ተረጋጊጹ ባርሰሎና ተወሃኪ ግብሪ ክትፍፍል ተወሲኑ፡፡ ብድሕሪ'ዚ መቐጥሪ ክፍሊ ባርሰሎና ሰዓም ሰኣ፡፡ ባርሰሎና ካብ ግጥምት ርብዒ ፍጻመ ውድድር ሻምፕየንስ ሊግ ብኣትሒዝኑ ማድሪድ ተሳዒራ ተኣልዩት፡፡ ድሕሪ ሽዳሽተ ዓመት ንመጀመርታ ግዜ! ኣብ ግጥምት ላሊጋ'ውን ዝሓለፈ ቀዳም ግሪናዳ ብዘተባህለት ንኢሽዩ ክሳብ ተሳዒራ፡ ካብ መራሒት ዘላ ኣትሲዛ ማድሪድ ብኣርባዕተ ነጥቢ ድሕራ ሳልሳይ ደረጃ ክትሕዝ ተገዲዳ፡፡ ብኣንጻሩ ርያል ማድሪድ፡ ኣብ ግጥምት ፍርቂ ፍጻመ ሻምፕየንስ ሊግ ክትብጽሕ ኮሎ ኣብ ላሊጋ ካልኣይ ደረጃ ሒዛ ትርከብ፡፡ ድሕርም ዝወጹ ሓበሬታታት ከም ዝገልጽዎ፡ ፕረዚደንት ባርሳ ነር ሳንደሮ ሮሰል ጠንቂ ምውጻእ ኣሰልጣኒ ፔፕ ጓርዲዮላን ዝተፈላለዩ ኣባላት ስታፍ ሕክምና'ታ ክሳብን ምንባሩ እዩ፡፡ ብዘወሃኪ፡ ኣብ ኣተሓሕዝ ጉዳያት ተጻወትቲ፡ ኤሽክ ኣቢዳሉ ካርሰሳ ፕዮልን ሽኒኑር ሻልደዝን ዝተኸተሉ ኣጋኑብ ዝኣድ ከም ዘይብረ የጠሩ፡፡ ብዘይ'ዚ ሳንደሮ ሮሰል ምስ እዋናዊ ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ብራዝል ፊሊፕ ሰሓሪ ድሕሪ ምዝዛም ዋንጫ ዓለም 2014 ንባርሰሎና ንኽሰልጥን መቐኒታዊ ሰምምዕ ከም ዝሰጠሮ ይግለጽ፡፡ እዚ ማለት ንቅዲ ተኽታ'ካ (ባርሰሎና ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ኽኢሶ እግሪ ዓለም ዝኾነሉኣትሉ ማላ) ኣብ ፍጻም ሓይጋ ምውሳቕ ይኸውን፡፡ በዚ መዳይ ምምጻእ ነይማር፡ ብኸንዲ'ቲ ዝተጠቐሰ ግዜፍ መጠን ገንዘብ ክረኢ ከሎ፡ ኣብ ነዊሕ ዘይዓሳ መጻኢ፡ ምውጻእ ሊያጎል መሳ ካብ ባርሰሎና ዝቐስቅሰ ተርኢዮ እዩ፡፡ ባርሰሎና ኣብ ዘመነ ሳንደሮ ሮሰል ሓደ ግዜ ዋንጫ ሻምፕየንስ ሊግ ኣርባዕተ ግዜ ዋንጫ ላሊጋን ካልእን ዓቢሩ፡፡ ርያል ማድሪድ ኣብ ካልኣይ እቡር ዘመነ ፕረዝ ሓንቲ ጸዋእ ላሊጋን ዋንጫ ንገነነን ተዋዲሑ፡፡ ፕረዝ ሎሚ ምሽት ንኽልኣይ ግዜኡ ብዘይ ቀንዲ መቐናቐንቲ ሮሰል ግጥም ኣል ክላሲኮ ከኸይድ'ዩ፡፡ ባርሰሎና ከኣ ድሕሪ ተኸታታሊ ስዕረትን ወሸጋዊ ምምሕዳራዊ ቅልውላውን ሎሚ ምሽት ከመይ ክትቀርብ'ያ?

ካብ ሰኑዳት ዋንጫ ዓለም

ኣሰራርዓ መድብ ጸወታ

ብራዝል ኣብ ዝተኻየደ ዋንጫ ዓለም 1950፡ ክሳብ ሕጂ ካብ ዝተገብሩ ውድድራት፡ ፍሉጥ ናይ ፍጻመ ግጥም ዘይተሰርዓሉ ውድድር ተዛሊሉ ይግለጽ፡፡ በቲ ሽው ዝበረ ኣሰራርሑ ኣፍሲ ወከፍ ናይ ምድብ ዕወታት ብዘዘህለኣ ነጥቢ፡ ንፍጻመ ክበጽሓ ዘኽእል ብምንባሩ እዩ፡፡ በዚ መሳረት ብራዝልን ኣራጓይን ብዘዘህለኣ ነጥቢ ንፍጻመ ቀረበ፡፡ ብራዝል ዝደዳ ነጥቢ ስለ ዝበራ ክልተ ዕድል ሒዛ ናብቲ ግጥም ኣትዩ፡፡ ብዘወሃኪ፡ ኣብ ቅድሚ ደቡብ ኣፍሪካን ሜክሲኮን ትጻወት ስለዘበረት፡ ብራዝል ዝሓሸ ዕድል ነበረ፡፡ ኮይኑ ግን ሓንቲ ዕድል ዝበረታ ኣራጓይ 2-1ብ ብምስዓር ዋንጫ ዓለም ካብ ኢዳ መንጠሲታ፡፡

1950

ቁጽሪዊ ማልያ

ቁጽሪ ዘለዎ ማልያታት ተጻወትቲ ጌሊማ እዋን ዝተሪእየ ኣብ ዋንጫ ዓለም 1954 እዩ፡፡ ካብ ሽው ንደሓር ማልያ ቁጽሪ ትሸዮት ብዘለበነዋ ተጻወትቲ፡ ብብዜሕ ምምዝጋብ ሽዮ ክብረ ወሰን (235 ሽዮታት) ሒዛ ትርከብ፡፡ ቁጽሪ ዓሰርተ 213፡ ቁጽሪ ዓሰርተ ሓደ 182፡ ቁጽሪ ሸውዓተ 128 ከምኡ'ውን ቁጽሪ ሽሞንተ 127 ሽዮታት ተመዝገብለን፡፡ ብዘይ'ዚ ሰም ተጻወትቲ ዝተጻሕፈ ማልያ ምጥቃም ኣብ ዋንጫ ዓለም 1994 ተኣታትዩ፡፡

ልዕሊ 100,000 ተዓዝቦቲ

ኣብ ግጥም ፍጻመ ዋንጫ ዓለም 1950 - ብራዝል፡ ኣብ ስታድየም ማራካና 173,850 ተዓዝቦቲ ተረኺቦም ንሓደ ግጥም ዋንጫ ዓለም ብምትኽታሎም ክብረ ወሰን ሒዙ ደርኪቡ፡፡ ኣብዚ ዝተባህለ ስታድየም ማክሲኮ'ውን 100,000 ተዓዝቦቲ ኣብ ሓደ ጸወታ ኣኣንጊዱ እዩ፡፡ እዚ ከም ዘለዎ ከሎ፡ ብድምር ብዜሕ ተዓዝቦቲ ክብረ ወሰን ሒዙ ዝርከብ ኣመሪካ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ዋንጫ ዓለም 1994 እዩ፡፡

ቡዳሃት ጋንታታት ዛጊታት፡ ንጋንታታት ዛጊ ማኣከል

ሃገራዊ ውድድር ሊግ ከሳዕ እግሪ ኤርትራ ብሓያል ተወዳዳርነት ጋንታታት ይቐጽል ኣሎ፡፡ ክሳብ ሕጂ ኣብ ቦታ መረሕነት (ቀይሕ ባሕሪ) ዝመጻ ለወጥ'ኳ እንተዘሎ ብፍላይ ቡዳ ከም ናይ ዛጊ ማኣከል ጋንታታት ተመሓሪ ዘይጸንሐሉ ናይ ካልኦት ዛጊታት ጋንታታት ዝረኣ ዘሎ ተወዳዳርነት ኣተኩሮ ኣፍቀርቲ ከሳዕ እግሪ ሰሓቡ ደርኪቡ፡፡ ኣብ ምጅማር ካልኣይ ዙርያ ሰሉማ ናይ ጋሽ ባርካ ንኣዲስ

ዓብዱ ኢብራሂም (ሶሚንቶ)

ኣብ ሜዳኣ (ኣስመራ) ሰዓራታ፡፡ ትማሊ ሰንበት (13/04/2014)፡ ኣልሂላል ናይ ዓንሰብ ንኣልታሕረር ኣብ ሜዳኣ (ኣስመራ) ከምኡውን ቅድማኡ ኣብ ኪሮን ንኣዲስ ተዓዋታሪሕን፡፡

ዓወት ብርሃነ (ኣስመራ ቢራ)

ኣብቲ ጸወታ ኣልታሕረር ቅዲ ኣሰልፊ 1-3-5-2- ክትጥቀም ኮሉ ኣልሂላል ደማ 1-4-5-1 ኣተግብረ፡፡ ተጻወትቲ ኣልሂላል ዝሰርዎም ወኒ ርእሰ ተኣማንነትን ናይ ምቁሳስ መንፈስን ምስጠር ዓወትዎ'ዩ፡፡ ብዘወሃኪ፡ ትማሊ ሰንበት፡ መረብ ኣብ መንደፈራ ንኣስመራ ቢራ ክትሰራ ኮሉ ኣብ ዓሰብ ደንቈልያ ምስ ቀይሕ ባሕሪ ማእረ ተፈልዩ፡፡ ብዘይ'ዚ ውልቀ ተጻወትቲ ዝተኮነ ኣመዚገቢ ሽቶ ዝኾኑዎ ዘለዉ ውድድር ብዘለዎል ደረጃ ኣብ ምቕጻል ደርኪቡ፡፡ ዓብዱ

መድሃኔ ሰዋም(ኣልታሕረር)

ኢብራሂም ካብ ሶሚንቶ (ሰቅ/ባሕሪ) ብ12 ሽዮታት ይመርሕ፡፡ ዓወት ብርሃ ናይ ኣስመራ ቢራን መድሃኔ ሰዋም ናይ ኣልታሕረርን ነፍሲ ወከፎም ትሸዓተ ሽዮታት ብምወሃሃል ብስስት ሽዮታት ደስዕሉ፡፡ እዚ ዘገንባ እንተኮ፡ ካብ ጋንታታት ዞባታት ክመጽእ ዝድሉ ናይ ኣተሓሳሰብ ለወጥ ንጸወት፡ ደረጃ ኣጸዋወትታን ካልእን ክሰርጽ ምጅማሩ እዩ፡፡ ሰፖርት ከም ኣካል ሃገራዊ መደባት ልምዓት፡ ልዕል ጠመተ ተዋሂቡዎ ንምምዕባሉ ከቢድ ስራሕ ዝሓትት እዩ፡፡